**ዕለት/Dato:** ሕዳር 26. november 2021

# ኣብ ኖርወይ ምስፍሕፋሕ ለብዒ ሓደስቲ ዓይነታት ቫይረሳት ንምድራት መንግስቲ ሓያሎ ሓደስቲ ስጉምቲታት የተኣታቱ ኣሎ።

### ነቲ ኣብ ደቡብ-ኣፍሪቃ ተርኺቡ ዘሎ ሓድሽ ዓይነት ቫይረስ ኣብ ኖርወይ ምስፍሕፋሑ ንምድራትን ንምድኑዓዩን መንግስቲ ሓያሎ ስጉምቲታት ብቕጽበት የተኣታቱ ኣሎ።

- ብውገንና ነቲ ኣብ ደቡብ-ኣፍሪቃ ተራእዩ ዘሎ ሓድሽ ዓይነት ቫይረስ ንኖርወይ ተቐልቂሉ ከየስፋሕፍሕ ከነዳናጉዮን ክንደራርቶን ኣለና። ስለዚ ድማ ካብዚ ከባቢ እዚ ንኖርወይ ንዝመጽኡ ገያሾ ዝምልከት ስጉምቲታት ነትርሮም ኣለና ትብል ሚኒስተር ጥዕናን ክንክንን ኢንግቪል ሻርኮል።

- ኣብዚ እዋን እዚ ዝረአ ዘሎ ምዕባለታት ወሪሱና ዘሎ ለበዳ ኣሉታውያን ኢዮም። ዕላማ ሰበስልጣን ጉዳያት ጥዕና ኣብ ኖርወይ ንከየስፋሕፍሕ ንምድኑዓይ ኢዩ። ስለዚ ድማ መንግስቲ ነቲ ካብ ወጻእ-ሃገር ንዝኣቱ ለብዒ ንምድራት፡ ማለት ካብ ክልታት ደቡበ-ሃገራት ኣፍሪቃ ንዝመጽኡ ዝምልከት ዝዓለመ መገሻዊ ስጉምቲታት የተኣታቱ ኣሎ። ውጽኢት ናይ'ዚ ድማ ፈታሽ ዶብ ይጽዕቕን ካብዚ ዝተጠቕሰ ክልታት ንዝመጹ ገያሾ ድማ ኣብ መወሸቢ ሆቴል ንክኣትው ግዴታ ይኾውንን ኣሎ ማለት ኢዩ ትብል ሚኒስተር ፍትሕን ተዳልዎን ኤሚልየ ኤንገር ሜል።

- እዞም ሓደስቲ ስጉምቲታት ኣብ ምኽርታትን ምሕጽንታታትን ኣብያተ ጽሕፈት ጉዳያት ጥዕናን ትካል ህዝባዊ ጥዕናን ዝተሞርኰሱ ኢዮም።

## ሓደስቲ ምኽርታትን ሕግታትን

እቶም ስጉምቲታት ካብዘን ዝስዕባ ሃገርት ንዝመጹ ገያሾ ይምልከቱ፡ Sør-Afrika/ደቡብ-ኣፍሪቃ፡ Namibia/ናሚብያ፡ Zimbabwe/ዝምባብወ፡ Botswana/ቦትስዋና፡ Mosambik/ሞዛምቢክ፡ Lesotho/ሌሶቶ፡ Eswatini og Malawi/ኤስቲዋኒን ማላዊን። ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሃገረ ኖርወይ (UD) ናብዘን ሃገራት እዚኣተን ዘይተርፍ መገሻ ክሳብ ዘይኮነ ካብ ምጋሽ ንክንቍጠብ ይምሕጸነና። እዚ ምሕጽንታ እዚ ምስ ዝምልከቶም ሰበስልጣናት ጥዕና ብምምኻር እናተገምገመ'ዩ።

እዞም ዝስዕቡ ስጉምቲታት ካብዘን ዝስዕባ ሃገራት ንዝመጹ ገያሾ ይምልከት ኰይኑ ካብ 27 ሕዳር ናብ ቀዳም ዘውግሕ ዕለት ይምልከቱ፡

- ካብዘን ሃገራት እዚኣተን ክልከላ ቀጥታዊ በረራ ይተኣታቶ
- ኣብዘን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሳ ሃገራት ድሕሪ ምጽናሕ ምሉእ ብምሉእ ክታበት ከም ዝተኸተቡ ይኹን ኮሮና ሓሚሞም ከም ዝነበሩ መረጋገጺ ሰነድ የቕርቡ ኣየቕርቡ ብዘየገድስ ንኖርወይ ቅድሚ ምእታዎምን ምስ ኣተውን ክምርመሩ ኣለዎም፡ ኣብ ሻውዓይ መዓልቶም ክምርመሩን ንዓሰርተ መዓልታት እውን ክውሸቡን ይግደዱ።
- እንተቐልጢፈ ንኖርወይ ድሕሪ ምእታው ኣብ ሆቴል ክውሸቡ ይግደዱ። ድሕሪ ንኖርወይ ምእታው እንተቐልጢፈ ኣብ ሳልሳይ መዓልቶም መርመራ-PCR ኣካይዶም ኣሉታዊ መልሲ ምስ ዝመጽኦም ዝተረፈ መዓልታት ውሸባኦም ኣብ ናይ ባዕሎም ቤት ወይ ኣብ ብቑዕ መንበሪ ቦታ ምስ ካልኦት ዘይቀራረበሉን፡ በይናዊ ክፍሊ፡ ናይ ባዕሎም ባኞን ክሽነን ወይ ከኣ ናይ ባዕሎም መሳሰዪ መግቢ ዘለዎ ቦታን ክውሸቡ ይከኣል። እንተቐልጢፈ ኣብ ሻውዓይ መዓልቲ ድሕሪ ንኖርወይ ምእታዎም መርመራ-PCR ኣካዪዶም ኣሉታዊ መልሲ ምስ ዝመጽኦም ውሸባኦም ከብቅዑ ይኽእሉ።
- ድሕሪ ዕለት 16 ሕዳር 2021 ኣብዘን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሳ ሃገራት ድሕሪ ምጽናሕ ንኖርወይ ቅድሚ ዕለት 26 ሕዳር 2021 ንዝኣተው ሰባት ኣብ ዝቐልጢፈ እዋን ብመልክዕ PCR መርመራ SARS-CoV-2 ክካዪዱ ኣለዎም። ቅድሚ ዕለት 26 ሕዳር 2021 ወላ መርመራ ዘካየዱ ይኹኑ ክምርመሩ ኣለዎም። ካብ ዝኣተውሉ ዕለት ኣትሒዞም ን10 መዓልታት ንክውሸቡ (መገሻዊ ውሸባ ንክውሸቡ) ንምሕጸን።
- ንበይኖም ጌሾም ዝመጽኡ ትሕቲ 18 ዝዕድሜኦም ቈልዑን ዲፕሎማስኛታትን ኣብ ናይ ባዕሎም ቤት ወይ ኣብ ካልእ ብቑዕ መንበሪ ቦታ ምስ ካልኦት ዘይቃራረብሉን፡ በይናዊ ክፍሊ፡ ናይ ባዕሎም ባኞን ክሽነን ወይ ከኣ ናይ ባዕሎም መሳሰዪ መግቢ ዘለዎ ቦታን ክውሸቡ ይኽእሉ ኢዮም። እንተኾነ ክምርመሩ ኣለዎም ዝብል ጠለብ እውን ይምልከቶም ኢዩ።
- ካብዘን ከባቢ እዚኦን ንዝመጽኡ ገያሾ ግዴታ መርመራን ውሸባን ንከኽብርዎ ንምርግጋጽ ናብኦም ዘቕንዐ ፍሉይ ተወሳኺ ጻዕቒ ፍተሻ ብፖሊስ ክካየደሎም ኢዩ።

- እዞም ምኽርታትን ሕግታትን ተኸቢሮም ክኽተሉ ኣዝዩ ኣገዳሲ ኢዩ። ዓቕምና ካሳብ ዘፍቀዶ ለብዒ ንክንደራርት ሓባራዊ ሓላፍነት ኢዩ ዘለና ብምባል ሚኒስተር ሻርኮል ብወገና ተገናዝብ።

## ዝያዳ ተላባዕቲ ክኾውን ይኽእል ኢዩ

ኣብ ደቡብ-ኣፍሪቃ ተራእዩ ዘሎ ዓይነት ቫይረስ ናይ ምስፍሕፋሕ ዓቕሙ ናህሪ ዘለዎ ይመስል ስለ ዘሎ ሻቕሎት ይፈጥር ኣሎ። ክኢላታት ኣሕዲሮሞ ዘለው ፍርሒ እውን ንብዩንነት ክታበት ዘሀምሎ ከይኩውን ኢዩ። እቲ ዓይነት ቫይረስ ዝያዳ ሕማም ዘለዓዕል ከም ምኳኑ ዝተፈልጠ ኣይኮነን። እቲ ዓይነት ቫይረስ ሓድሽ ቫይረስ ብምኳኑ ብኣግኡ እዚ ኢልካ ክድምደም ዝከኣል ኣይኮነን፡ እቲ ኩነታት ግና ኣብ ጥቡቕ ምክትታል ኢዩ ዘሎ።

## መገሻዊ ውሸባ ይጽንክር

ንኖርወይ ንምእታው ዝምልከት መገሻዊ ስጕምቲታት መንግስቲ ኣትሪርዎ ኣሎ ሕጂ። ብዝዕባኡ ኣብዚ ብዝያዳ ክንበብ ይከኣል። መራኸቢ ኣቐዲሞም ዝወጹ ጋዜጣውያን መልእኽትታት ዝወጸ መራኸቢ/Lenke til tidligere PM።

**ኣብ ትዊተርን ፈይስቡክን ሰዓቡና/Følg oss på Twitter og Facebook**